# ተጻርዶ (Resistance)

***ሕሰብ ኣስተውዕል ተማሪማር ተባራበር***

ሰላም ከመይ ቀኒኹም ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ነቶም ሂወቶምሰዊኦምመንነትናን ሃገርናን ዘስረከቡና ሰማእታትና፣ በቢዘለናዮ ሉዑል ተዘክሮን ምስክርን ኣብ ርእሲ ምቕራብ፣ ነቲ ዝሃቡና ሕድሪ ዳግመ ቃል-ኪዳን እነሐድሰሉ እዉን ኮይኑ፣ ነቲ ብገዛእቲ ተሓሪምዎ ዝነበረ ፍትሕን ዲሞክራስን፣ ግዝኣተ ሕጊን፡ ብዝገደደ በዚ ማፍያዊ ዱስቡጣዊ ጃንዳ ህግደፍ ተነፊግዎ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ብደሙኣ ፍሲሱ ዓጽሙ ከስኪሱ ዘምጽኣ፣ ነጻ ዝኮነት ሃገረ ኤርትራ፣ ኣብ ሓደጋ የእትዋ ስለ ዘሎ፤ ሃገረይ ኣሕሊፈ ኣይህብን ብምባል ዑጡቕ ቃልሱን ተጻርዶኡ (Resistance) ክቕጽል ግዴታኡ ብምዃን፣ ብግብሪ ከርእዮን ከተግብሮን ህርድግ ይብል ኣሎ።

እዚ ሕጂ ተበጺሕዎ ዘሎ ህዝባዊ ምጥርናፍ **ማዕብል ይኣክል** ነዚ ካብነዊሕ ተፋልልዩ በቢ-ማዱ ክኸይድ ዝጸንሐ ውድባት፣ ምንቅስቓሳት ተዋሃሂዱ ክሰርሕ ድሪኺት ገይርሉ ክባሃል ይካኣል እምበር፤ ካብ ሕሉፍ ታሪኽን ተሞኩሩ ወሲደን ክኾና ትጽቢት ይግበረለን፡ ፡

ስጋብ እዚ ዝሓለፈ እዋን፣ ነቲ ከም ማስርሕ ኮይኑ ናብ ናጽነት ዘብጽሓና፣ ጉዕዞ ሃገራዊ ኣዋዳድባና ከም መንነት ኮይኑ፣ ኣብ ክንዲ ንማስርሕ ለውጢ ዝሕግዝ፣ ዓጋቲን ነንሕድሕዱ ዘራሓሕቕን ኣብ ታሪኽ ቀይዱ ሒዙና ዝጸንሐ ኩነት’ እንተበልና ካብ ሓቂ ዝርሓቕና ኣይማስለናን፡ ፡

ብወገና ኣብ ዝሓለፈ ጉድለታት ናይ ውድባትን፣ ምንቅሳሳትን፣ ሲቪካዊ ህዝባውያን ማሕበራት፣ ምንዳይ ወይ ሃያሳ ምቕራብን ዘይኮነስ፣ ንዘሎን ዝመጽእን ክኸዉን ዝግብኦ ወይ ክግበር ኣለዎ ዝብል ወኸሳ ወይ ሓሳብ ከነቕርብ ኢና ክንፍትን፡ ፡

ንዝሓለፈ ሓድነታዊ ማስርሕ ምድጋም ዘይኮነስ እዋንን ኩነትን ዝጠልቦ ሞዑቡል ኣጋባብ ክንጥቀም ይግባእ። ሞዑቡል ኣጋባብ ማለት እንታይ ማለት እዩ ? ብወገና ዉዑል፣ ኑጹር ዝኾነ ሰነድ፡ ኣብ ቅድሚ ሞንጎኛ ካብ ኩሉ ናጻን ጽልዋ ናይተን ዝኽትማውድባት ዘይብሉ፣ ናይ ሕጊ ኪኢላታት ኩሎምዝቕበልዎምምስክርነት ክፍረም ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንተግባርነቱ ዝካታተል ብኺኢላታት ዝቖሙ ኦዲተር (ኮሚሽን) ክትህሉን፣ ናጻ ዝኮና ምድያታት ብምክትታል ኩነታት ምዕባለን ዘቃላዓሉ ምስ ዝህሉ ነቲ ሳዲሉ ዘሎ ተኣማምነት ፈውሱ ምዃኑ ቁኑዕ-ውን ንብል።

ናብ ማትእ ሃገራዊን ዲሞክራስያውን ጽላል ንምብጻሕ፣ ንኩሉ’ቲ ክዕንቅፍ ዝኽእል ጸገማት ኣልጊስካ፣ ማስርሕ ሓድነትን ፍትሕን ከነሜልእ ምስ ንኽእል እዩ።

ፓታጎራ (**Pythagoras**) ከም ዝበሎ፡ ሓደ ደሞክራሲያዊ ሊበራል ከሜልኦ ዘለዎ ስርሓት፣ ነቲ ንዑኡ ዝሚረጾ ምትእኽኻብ ክእለተ ምምሕዳር ዘይኮነስ፣ ነቲ ዕላማን ራኢን ህዝቡ ዝበጽሓሉ ማስርሕን ብቕዓትን ናጽነትን ዝውንን’ዩ ዝብል ዓይነት ተንቲኑ ነይሩ። ብወገና ኩሉ ዓይነት ውድብ ምንቅስቓስ ከምማስርሕ፣ ነቲ ናይ ህዝቡ ዕላማን ራኢን ምዕዋት ጻዕርታት ከካይድ ዝግባእ ኢና ንብል፡ ፡

በርትራንድ ራሰል (Bertrand Russel)፣ ኣብ ማሕበራዊ ውድባት እንታይ እዩ ጹቡቑን ሕማቕን ክብሎ ዝኽእል? እዚ ዓይኖት ሕቶ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ኣብ ዘመናት በቢዓይነቱ ሜልሲ ክዋሃቦ ክሎ ኣብ ዝተፋላለየ ስነ ሓሳባት ዝተሞርኮሰ እዩ ነይሩ፡፡

ራሰል ክገልጽ ከሎ፣ ከምኣጸጋሚቀዳማይ ቦታ ዘትሕዞ፡ **ቅድመፍርዲ (prejudice)** ወይ **ጠውቒ** ክኸውን ከሎ፤ ምስ ጉጅለኻ ኮንካ፣ ንኻልኦት ዘይምቅራብን፣ ዘይ ምክብባርን ባዕላዊ ግምትን ፍርድ ምሃብን እቲ ቀዋዲ ሒዙና ዘሎ ምኽኑ ንኹሉ ሩዱእ እዩ፡፡ ኪኖ ውድብካ ጠሚትካ ከምሃገራዊ ተቓራሪብካ ምስ እትሰርሕ፣ ብቕዓትካ ከተሪኢ ምኽኣል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ማስርሕ ፖለቲካ እንካን ሃባን ክትጥቀም ምስ እትኽእል ዕዉት ስራሕ ክባሃል ዝካኣል ንብል።

ኩላትና ከምእንርድኦ እቲ ናይ ኩሉ ሕልሚወይ ዳግመ ምትርናዕን ምጽጋንን ቀሊል ከምዘይኮነ እንርድኦ’ኳ እንተኾነ፡ ድልየትን ሕልሚ ህዝብና ሕድሪ ሰማእታትናን ክትርጎም ሓድጊ ከነ ዘውትርን ክንጽዕርን ከምዘሎና ኣጸቢቕና እንፈልጦ ኮይኑ ኣብ ምትግባሩ ግን ዘይበጻሕናዮ ጉዳይ እዩ፡፡

ናጽነት ናይ ዜጋትና ክህሉ፣ ልእላውነት ሃገርና ክሕሎ፣ ሓድነት ህዝብና ክድልድል፣ ኣብ ሲኒት ዝተሞርኮሰ ራኢታትና እነፍሰሉ ባይታ ምጥጣሕ ጥራይ ዘይኮነስ ሓላፍነት ከምዘሎና ክይረሳዕና ኩሉ ማስርሕ ፍትሕን ዲሞክራስን ክንጥቀምግዴታና እዩ።

ፈላጣት ከምዝምህሩና እተን ሰለስተ ዓንድታት ዲሞክራሲ፡ ሓጋጊ ኣካል፣ ፈጻሚ ኣካል፣ ፈራዲ ኣካል፣ ብኑጹርን ክንሰርሓለንን ሚዛናት ክስታኻከል ምስ-ዝኽእሉን፣ ከሙኡ ነጻ ምድያታትን ህዝባውያን ማሕበራት ሰብ ሞያን ብጉቡእ ክሰርሓ ምስ ዝካኣል ጥራይ እዩ ጎደና ጉዕዞ ዲሞክራሲ ዝካናወን ይብሉና፡፡

ከሙኡ ፖለቲካውያን ተንተንቲ፣ ፍትሕን ዲሞክራሲን ምህኑን ዘይማኡኡን ዝከዉን፡ እንተ ደኣ ሓጋጊ ኣካል ሕግታት ዘይነድፍ ኮይኑ፣ ፈጻሚኣካል ን-እተዋህቦ ስራሕ ዘየሜልእ ኮይኑ፣ ፈራዲ ኣካል ክኣ፣ ካብ ቅዋም ዝወጸ ሕጊ ከይህሉን፣ ነቲ ብባይቶ ዝጸደቐ ሕግታት ቁንዕነቱ ዘራጋግጽን ጉድለት ኣለዎ ኢሉ ምስ ዝግምት ንምምሕያሹ ናብባይቶ ንድሕሪት ክሜልሶ ማሳል ከምዝለዎ፣ ከምኡ ንፈጻሚኣካልዉን ነቲ ብባይቶ ዘጽደቐሉ ፕሮግራምን ባጀትን ጥሒሱ ከይከይድን ብሕጊ ቅዋምተቐይዱ ክኸይድ ከም ዘለዎ ዝካታተል ፣ነቶም ካብ ሕጊ ዝወጹ ገበን ዝገብሩ ብማሰረት ሕጊ ዘይፈርድ ኮይኑ፣ ማኡኡን ዱልዱሉን ዲሞክራሲ ክባሃል ኣይካኣልን ይብሉና፡፡

እዚ ዓይነት ኣሳራርሓ ድሮ ፣ ኣብዚ ንኹሉ ክጥርንፍ ዘሎዎ ጽላል ደምበ ፍትሒ ክታኣታቶን ክስራሓሉን ዝጅምር፡ ነታ ድሕር’ዚ ማፍያዊ ደስቡጣ ስርዓተ ኢሳያስ ምውዳቑ ኣዚዩ ሓጋዚን ማባገሲ ክኸዉን ይኽእል ዝብል እምነት ኣሎና፡፡ ካብዚ ዝነቐለ’ዩ እቲ ቀንዲ ቅድመፍርዲ ወይ ጠውቂ ኣልጊስና፣ ነዚ ተበጺሑዘሎ **ምውድዳብ ይኣክል** ዝሕይለሉ ማኡእ ናይ ኪኢላታት ክትሓባብርዎን ዝዕደምን፣ ነቲ ማእከሉ ህዝቢ ዝብል ራኢ ተዓዊቱ ኩሉ ዓይነት ውደባታት ኣብ ከርሱ ኮይኑ ን ዝሰርሓሉ ሜዑቡሉን ሉዑሉን ጠርናፍን ሜደበ ዕዮ ከካይድ ከም ዝኽእል ንምግባሩ ግደታ ናይ ኩሉ ተቓላሳይ ፍትሒክኸውዩን ይግባእ።

ነዚ ውድባት ተዋሃሂድካ ምስራሕን እተፋላለያ ሓይሊ ዕማማት ሃልየን ንዕኣን ዘዋሃህድ ጠቕላሊ ሽማግለ ክህልወን ዝግበር ዘሎ ጻዕርን ዝካየድ ዘሎ ማስርሕ ውዕላትን ብኣትክሮን ተገዳስነት ክርእ ከሎ፣ ዘሎ ትጽቢትን ክማላእ ዘለዎ ትምኒትን ብምኳኑ ማጠን ሜራከቢ ቡዙሃን ኣቕልቦ ገይርሉስ ይዛተየሉ ምህላዉተስፋ ዝህብ ህሞት እዩ፡ ፡

እቲ በውግና እንላበዎ ማሰረት ምውህሃድ ውድባት፡ ብቐዳምነት ህዝቢ ማእከል ዝገበረን፣ ዓቢ ግደ ነዚ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ ክዋሃቦ እቲ ምልዓል ህዝቢ ዝድልድለሉን ኣብ ሕቁፊ ህዝቦም ኮይኖም፡ ቀዳምነት እቲ ሃገራዊ ውዳበ ምኳኑ ከይረስዑ፣ ንኹሉ ዘጽልል **ሃገርዊ ዲሞክራስያዊ ጽላልን**፡ እተን ሰልስተ ዓንድታት ዲሞክራሲ ዝካናወናሉን ኩሉ ዓይነታት ህዝባውያን ማሕበራት ዝጠጣዓሉ ባይታ ክኸዉን ሕጂን ዘየዳግምግዜ እዩ ንብል።

ሕጂዉን ሕሰብኣስተውዕል ተሜራሚር ተባራበር

**ኣዳለውቲ ጹሑፍ ፍትዊ ክፍለ ብምትሕብባር ብዙ ቡቱኞሊ**